# ነጻነት

ጉንበት 24-2009

*ረድኢ ክፍለ (ባሻይ)*

ቃልኪ ተሰሚዑ መጺእኪዶ ጉንበት
ደቕኺ እንዳ ነብዑ ድሮ ኰይኑ ዓመት
መን ከይትረኽቢ'ሞ ኩሉ ተሰዊሩ
ገለን ባሕሪ ይፈርዶ ገለን ተኣሲሩ

እንታይ ክትመጽሉ 'ታይ ሒዝኪ ክትከዲ
ወላዲ ረብሪቡ ዝጠፍኡ ከናዲ
ካልእ ዘሎ የለን እንታይ ከነውሪ
ህግደፍ'ዩ'ም ፈለስቲ ሓንቲ'ያ 'ታ ደብሪ

ይተኰስ ጠበንጃ ኮቦሮ ህረሙ
ሓዳስ ኤርትራ'ኮ ንሱ'ዩ ትርጉሙ
ሓንቲ'ያ እታ ልቦም ጉድ'ዩ ተረኺቡ
ካልኣይቲ 'ምጽኢ ገለ 'ንተሓሰቡ

ከምኣ'ዩ'ም ኣዊጆም ካብታ ትውለዲ
ንሱ'ዩ እቲ ዳኛ ንሳ'ያ 'ታ ፍርዲ
ኣይፋሉን በጃኹም ኢልካ ወስ 'ተበልካ
ብኽሲ ቀንጠብጠብ ዊዓ ተርክበካ

ሽኽና ተዋሪዱ ጳጳስ ተቐፊዱ
መጠምጠምያ ከይዱ ኩፍየት ወሪዱ
ሓንቲ'ያ 'ታ መቕደስ ሓንቲ'ያ 'ታ መስጊድ
ካልእ መን ከቕርቦ ህግደፍ'ዩ ዝሰግድ

ወያ ባንዴራኺ 'ታ ደም ዝተኸፍላ
ኣብታ ገበልኦም ጥራይ ተኺሎማ
ንዓኺ ዘምጽአ ኰርዒዳ ኀሚዳ
ስዉእ ተረሲዑ ተሳኢሉ ሽዳ

ነዊሕ መገሻ 'ዩ ናይ ዕድሜኺ ታሪኽ
ኣማዕዲዩ ዝጥምት እንተልዩ በሪኽ
እንቋዕ ድሓን መጻእኪ ዋላ ኰርይልና
ክሳዕ ትሕጎሲ ከንቃለስ ኢና!!!

ረ.ክ. (ባሻይ)